## መንፈሳዊ ኣጽዋር ውግእ፤

### 3. ሰላም ወንጌል

"ነቲ ናይ ወንጌል ሰላም ምድላው ኣብ ኣእጋርኩም ከም ኣሳእን ኣእቲኹም ደው በሉ።" ኤፌ 6፤15 ። ሳእኒ ሓደ ኣብ ዓውዲ ኹናት ዘሎ ወትሃደር ካብ ዝለብሶ መከላኸሊ ዕ ጥቂ እዩ። ብመጠን እቲ ብቕዓት ናይቲ ዝወደዮ (ዝለበሶ) ሳእኒ ኸኣ ኣብ ልዕሊ ብዙሕ ንኣእጋሩ ክጎድእ ዝኽእል ነገራት ብደሓን ደው ክብልን ክጎዓዝን ይኽእል። ከምኡ ኸኣ ነቲ ኣብዛ ናይ ድያብሎስ እሾኽን ማዕበላትን ዝመልአት ዓለም ዝነብር ዘሎ ክርስቲያን እቲ ብወንጌል ዝረኽቦ ሰላም ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ማዕበላት ጭንቀትን ዓቕሊ ጽበትን ብህድኣት ደው ክብልን ክመላለስን የብቅዖ። ነቲ ጐይታ ኢየሱስ "ሰላመይ እህበኩም፤ ሰላመይ እሓድገልኩም ኣለኹ" (ዮሃ14፤27) ኢሉ ዝሃበና ተስፋ ንምርካብ ንገብሮ ምድላው ከኣ ክርስቶስ ብኽቡር ደሙ ምስ እግዚኣብሄር ኣቦ ከምዝዓረቐና ብእምነት ምቕባል እዩ፡፡ እዚ ድማዩ እቲ ኩሉ ጊዜ ሰሚዕናን ኣሚንናን ንድሕነሉ ወንጌል ክርስቶስ፡፡ እዚ ካብ መንፈስ ቅዱስ ዝኾነ ሰላም ኣምላኽ ነቲ እንዳጋጨወ ጭንቀት ዘስዕ በልና ልብናን ሓሳብናን እንዳሳነየ ውሽጥና የዕርፍን የህድእን። (ሮሜ 1፤16, 14፤16, ፊል 4፤6-7) ጐይታ ከምዝመሃረና እዚ ሰላም ኣምላኽ ካብቲ ከባቢኻ ስለዝሃድኣን ኩሉ ነገራት ከምቲ ትደልዮ ምስኮነልካ ጥራይ ትረኽቦ ናይ ዓለም ሰላም ኣዝዩ ዝተፈልየ እዩ፡፡ ክንዮ ኩነታት ዓለም ልዕሊ ማዕበላት ብህድኣትን ቅሳነትን ከመላልሰካ ዝኽእል ልዕ ሊ ናይ ኣእምሮኻ ምርዳእ ጸብለል ዝብል ሰላም እዩ ክርስቶስ ዝህበና፡፡ ሓደ ጊዜ ጐይታ ንሃዋሪያት "ሰላም ንዓኻትኩም ይኹን" ኢሉ ካብ ብርቱዕ ማዕበል ፍርህን ጭንቀትን ከምዝገላገሎም ንዓናውን ብዙሕ እዋን የህድኣና ከምዘሎን ምዝካር ኣገዳሲ እዩ፡፡

እምበኣር እቲ ቀዳማይ ክፋል ናይቲ ምድላው ነዚ ካብ ወንጌል ዝርከብ ሰላም ተቐቢልካ ኣብ ህይወትካ ምስትምቓር እዩ፡፡ ብእኡ ምስ ኣምላኽ፡ ምስ ገዛእ ርእሰኻን ምስ ኩሉ ሰብን ሰላም ረኺብካ ብዓወት ትመላለሰሉ መንፈሳዊ ኣጽዋር ምዃኑ ኣስተውዒልካ ኣብኡ ደው ምባልን ብእኡ ምንባርን እዩ። ሎሚ ከምቲ እቲ በደሉ ተኣሚኑ ምዅብላል ሓዲጉ ናብ ኣብኡ ዝተመልሰ እሞ ኣሳእን ኣብ ኣእጋሩ ኣእትውሉ ዝተባህለሉ ጥፍእ ወዲ፡ ኩሉ ጊዜ ብንስሓ ናብ ኣምላኽ እንዳቐረብና ብኽቡር ደም ክርስቶስ እንዳነጻህና፡ ብእምነት እንዳጸቐና ምስ ኣምላኽ ብክርስቶስ ሰላም ይሃልወና። እቲ ካልኣይ ክፋል ናይቲ ምድላው ከኣ ነቲ ተስተማቕሮን ትነብረሉን ዘሎኻ ወንጌል ብምስማዕን ብእምነት ብምቕባሉን ዝርከብ ሰላም ኣምላኽ ንዘይረኸባ ነፍሳት፡ ነዚ ሰላም እዚ ብቓልን ብግብርን ምብሳር እዩ፡፡ ክርስቶስ ኬድኩም ሰላም በሉ እሞ ነቶም ዝቕበልኹም ሰላመይ ክህቦም እየ ኢሉዩ ዝልእከና። ከምቲ ንሕና ምስ ኣምላኽ ዝተዓረቕና ኻልኦት ከኣ ምስ ኣምላኽ ተዓሪቖም ሰላም ክረኽቡ መንፈሳዊን ስጋውን ምድላዋት ክንገብር ኣሎና፡፡ እዚ ንምግባር ፍቃደኛ ልቢ ሒዝና ጊዜ ዓዲግና ምስ ክርስቶስ እንዳተራኸብና ሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ተዓጢቕና ክንወጽእ እሞ ነዚ ወንጌል ሰላም እንዳኣበሰርና ነፍሳት ካብ ስልጣን ሰይጣን ክነውጽእ ናይ ነፍሲ ወከፍና ብርሃን ወንጌል ዝረኣና ሓላፍነት እዩ፡፡(ግሃ 1፤8) ብቓልን ብግብርን ከምዚ ጌርና እንተተመላሊስና ኸኣ እቲ "ኣእጋር እቶም ሰናይ ዘብስሩ ክንደይ ጽቡቕ እዩ" ዝብል ጽሑፍ ኣብ ዘመን ህይወትና ተፈጺሙ፡ ንርእስናን ንብዙሓትን ንድሕነት ኰንና ንፍቓድ ኣምላኽ ኣገልጊልና ክንዓርፍ ኢና። እምበኣር ሕጂ ነዚ ወንጌል ሰላም ተዓጢቕና ኣግዚኣብሄር ሰናይ ምዃኑ ጥዓሙን ረኣዩን እንዳበልና ክነብር ወሲና ንዳሎ፡፡ "ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ እንተዘኮይኑ ሓደኳ ኢየሱስ ጐይታ እዩ ክብል ኣይኮነሉን እዩ" (1ቆረ 12፤3) እሞ ከምኡ ክንብልን ክንገብርን ኣምላኽ ይደግፈና፡፡